# ዶባዊ ጸገማት ብውግእ ኣይፍታሕን ኢዩ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**05.04.2005**

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ 1998-2000 ዓ.ም እተኻየደ ትርጉም ዘይብሉ ውግእ፡ ውጽኢቱ ዕንወትን ብርሰትን ህልቂትን ናይ ክልቲኡ ኣሕዋት ዝኾኑ ኣህዛብ ደኣምበር፡ ካልእ ፋይዳ ኣይተረኽቦን። እዚ ንኽልተ ዓመታት ዝቐጸለ ውግእ፡ ከይዱ ከይዱ ብውግእ ዘይኮነስ ብዘተ መዕለቢ ከምዝተገብረሉ ውን ዝዝከር ኢዩ። ክልቲኡ መንግስታትን ኣህዛብ ክልቲኡ ሃገራትን፡ ካብዚ ኣዕናዊ ውግእዚ ተማሂሮም፡ ዳግማይ ናብ ውግእ ከይኣትዉ ኩሉ ዝከኣሎም ክገብሩ ድማ ብዙሕ ትጽቢት ይግበረሎም ኣሎ። ውግእና፡ ናይ ሓባር ውግእ ኣንጻር ድኽነትን ሕማምን ድንቁርናን ጥሜትን ክኸውን ኢዩ ዝግባእ።

ሕጂ ውን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሃገራት እንደገና ውግእ ከይባራዕ ብዙሕ ስግኣት ኣሎ። ክልቲኦም መንግስታት ሰራዊቶም ኣብ ዶባት ይኹምሩን፤ ናይ ውግእ መሳርያታት ይሽምቱን ኣለዉ ዝብል ወረ ብናይ ዓለም ናይ ዜና ማዕከናት ክሕበር ይስማዕ ኣሎ። ኣብ ርእሲዚ፡ ሰበ-ስልጣን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብሓፈሻ፡ እቶም ኣውሓስቲ ናይቲ ስምምዕ ድማ ብፍላይ፡ ንብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ግብሪ ዘየውዕሉ እንተደኣኰይኖም፡ ልዑላውነት ኤርትራ ንምክልኻል ካልእ ኣማራጺታት ክንርኢ ኢና ዝብል ታህዲዳት ክገብሩ ይስምዑ ኣለዉ። “ድምጺ ሓፋሽ” ውን፡ ልክዕ ከምቲ ቅድሚ 1998 ዓ.ም እትፍጽሞ ዝነበረት ናይ ጽልእን ባእስን ምልዕዓላት ኢያ ክትገብር ትስማዕ ዘላ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብሸነኹ፡ ክልቲኦም መንግስታት ትዕግስቲ ክገብሩን፤ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምርድዳእ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፈትሕዎን ተደጋጋሚ ጻውዒታት ክገብር ይስማዕ ኣሎ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይቅሱን ሃለዋት ኣብ መነባብሮን ቁጠባን ናይ ክልቲኡ ኣህዛብ ዘሕድሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ብሰንኪዚ ዘይርጉእ ኩነታትዚ ኣብ ልምዓትን ዳግመ ህንጻን ክውዕል ዝግብኦ ሃብቲ ሃገር ኣብ ምጉዕዓዝ ሰራዊትን ምሽማት ናይ ውግእ መሳርያታትን፤ ኣብ ልምዓትን ዳግመ-ህንጻን ክዋፈር ዝግብኦ ጉልበት ድማ፡ ኣብ ድፋዓትን ምኹዓት መዛግብን ክውዕል ይርአ ኣሎ። ሃገራውያን ይኹኑ ወጻእተኛታት ሰብ ርእሰ-ማል፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅሳነት ዘይብሉ ሃዋህው ተኣማሚኖም ማሎም ከውፍሩ ከምዘይክእሉ ርዱእ ወይ ብሩህ ጉዳይ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ብሰንኪዚ ዘይቅሱን ሃለዋትዚ ብቱሪዝምን ብንግድን ካልእ ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዝርከብ ኣታዊ ክንኪ ግድን ኢዩ። ስለዚ፡ ካብዚ ሃለዋትዚ ዝርከብ ወይ ዝረጋገጽ ረብሓ ካብ ዘይሃለወ፡ ድኻምናን ጻዕርናን ሰላም ንምስፋን ኢዩ ክውዕል ዝግብኦ ዝነበረ።

ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ጠንቅታት ናይቲ ኣብዚ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ዘሎ ዋሕዚ ናይ ማእለያ ዘይብሎም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራን መንእሰያትን ተመሃሮን ስድራ ቤታትን፡ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሃገራት ሰፊኑ ዘሎ ዘይቅሱን ሃለዋት ኢዩ። እዚ ዋሕዚ እዚ፡ ኣብ ልምዓትን ዕብየትን ኤርትራ ክውዕል ዝግብኦ ዓቕሚ ኣፍራዪ ሓይሊ ዝጽንቕቕ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፥ ኣብ ልዕሊተን ዝስደዱለን ዘለዉ ጐረባብቲ ሃገራት ዘሕድሮ ኣሉታዊ ናይ ቁጠባን ጸጥታዊ ዘይምርግጋእን ተጽዕኖታት ቀሊል ከምዘይኮነ ርዱእ ኢዩ። እቲ ምንታይ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ዓለም፡ ንጸገማት ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምቅላል ክስከሞ ዝግብኦ ሓላፍነት ዘንጊዑ ስለዘሎን፤ እተን ጐረባብቲ ሃገራት ድማ ነናይ ገዛእ ርእሰን ቍጠባውን ፖለቲካውን ጸጥታውን ጸገማት ስለዘለወን ምኳኑ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ማልታን ሊብያን ሱዳንን ሃገራት ኣውሮጳን ...ወዘተ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ጸገማት፡ እኹል ምስክርነት ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ሓቅታት ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ኤርትራውያንን ኤርትራን ብሰላም ብዝያዳ ረባሕቲ ምኳና ክንግንዘብ ይግባእ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ኣብ መንጎ ዝኾና ይኹና ክልተ ሃገራት ናይ ዶብ ዘይምርድዳኣትን ምስሕሓባትን ክፍጠር ባህርያዊ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይምርድዳኣት፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ መንግስታትን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣህዛብን ክህሉ ዝግብኦ ኰሉ ዓይነት ናይ ዝምድናታት ጅሆ ክሕዞ ወይ ክዕንቅጾ ኣይግባእን። ከምኡ ውን፡ ብሰንኪ ዶብ ዝፍጠር ዘይምርድዳኣት መፍትሒኡ ውግእ ክኸውን ፈጺሙ ኣይክእልን ኢዩ። ኣብ መንጎ ኢራንን ሃገራት ዓረብ ኤሚረይትስን፥ ኣብ መንጎ ናይጀርያን ካመሩንን፥ ኣብ መንጎ ግብጽን ሱዳንን፥ ኣብ መንጎ ስዑድያን የመንን፥ ኣብ መንጎ ህንድን ፓኪስታንን ...ወዘተ ናይ ዶብይ ዶብካ ዘይምርድዳኣት ኣሎ። እዚ ግን ነቲ ኣብ መንጎዘን መንግስታት እዚኣተንን ኣህዛበንን ክህሉ ዝግብኦ ዝምድናታት ፈጺሙ ኣይበተኾን።

ካብዚ ሓቅታትዚ ብምብጋስ፡ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝምድናታት ውን ካብዚ እተፈልየ ክኸውን ኣይግባእን ኢዩ። ምስ ዘለወን ሽግራትን ዘይምርድዳኣትን ብሰላም ክነብራን ህዝብታተን ዝረብሓሉ ዝምድናታት ክፈጥራን ዘይኽእላሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዛዕባ ጉንጺ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት፡ ብዘይካ ሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭትን ካልእ መተካእታ መፍትሒ የለን ዝብል እምነትን መርገጽን ከምዘለዎ፤ ነዚ ቅልውላውዚ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ክከታተል ዝጸንሐ ዜጋ ይኹን ወጻእተኛ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ቅድሚቲ ብ1998 ዓ.ም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን እተባርዐ ውግእ ኣትሒዙ፡ ንሰላማዊ ፍታሕን ንዘተን ክጽውዕን ንኵናትን ዓመጽን ወረራን ክኾንንን ምጽናሑ ዝዝከር ኢዩ።

ሕጂ ውን እንተኾነ፡ እቲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ብይን ናይ መወዳእታን ቀያድን ስለዝኾነ ኣብ ግብሪ ክውዕል፤ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣብ ዝጅመረሉ እዋን ክፍጠር ንዝኽእል ዘይምርድዳኣት ብዘተን ብእንካን ሃባን ዝብል ዘላቒ ሰላም ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ኣገባብ ክፍታሕ ከምዘለዎ ኢዩ ዝኣምን። ስለዚ፡ ሕጂ ውን፡ ንሰላማዊ ፍታሕ ካልእ መተካእታ ስለዘይብሉ፡ ኣብ ክንዲ ንውግእ ከም መፍትሒ ግርጭታት ምጥቃም፡ እቲ ብይን ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ዘተ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሃገራት ክጅመር ኢዩ ዝምረጽ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ሓላፍነቱ ኣይተሰከመን ብዝብል ምስምስ ይኹን ወይ ብኻልእ ምኽንያታት ውግእ ምብራዕ፡ ንኣህዛብ ክልቲኡ ሃገራትን ንዞናናን ኣብ መውጽኢ ዘይርከቦ ዓዘቕቲ ምሽማም ማለት እንተዘይኮይኑ ካልእ ውጽኢት ክህልዎ ከምዘይኽእል ከይደቀስካ ዝፍታሕ ሕልሚ ኢዩ።

ዘበነ ኢሳያስ፡ ናይ ዘይምርግጋእን ውግኣትን ስደትን ህልቂትን መዋእል ምዃኑ ዘየካትዕ ብሩህ ጕዳይ ኢዩ። እዚ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራ ውጽኢት ናይ ግጉይ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምዃኑ ተረዲእና፥ ህዝቢ ኤርትራን ተቓወምቱን ነዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣወዲቕና ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ዞናና ሰላምን ዲሞክራስን ብልጽግና ከነስፍን ታሪኻዊ ሓላፍትና ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግብኣናን ኢዩ።